*Insticksblad till Sveriges Allmännyttas broschyr **Skadedjur i hemmet***
*Språk: Tigrinja*

*Sidan 1 ገጽ 1*

# ቀርጠፍቲ እንስሳታት ቤት

*ሓበሬታን ምኽርን ነዓኹን ነቶም ኣብ ገዛ-ኽራይ እትነብሩ*

*Sidan 2 ገጽ 2*

ኣብ ገዛኹም፡ ቀርጠፍቲ እንስሳታት ከም ኣንጭዋ መሳሊ ምስ እትርእዩ እቲ ነገር ከይበኣሰ እንከሎ ብቁልጡፍ ምስ ኣካራዪ ትካል ክትዘራረቡ ኣለኩም። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ እንስሳታት ንምጥፋእ ኣብ ዝግበር ምጽራይ ገዛ ወይ ምንስናስ ፈውሲ ከም ተኻረይቲ ክትተሓባበሩን ዝወሃበኩም መምርሒታት ክትክተሉን ትጽቢት ይግበረልኩም እዩ።

*Sidan 3 ገጽ 3*

### ኣብነታት ናይ ቀርጠፍቲ እንስሳታት

ብዙሕ ዓይነታት ቀርጠፍቲ እንስሳታት ኣለዉ:

- ገሊኦም መግብን ኣጭርቕትን ይቅርጥፉ። ንኣብነት ቁንቁን ወይ ናይ እኽሊ ሕንጉጉ፡ ወረቓቕቲ ዝበልዕ ነቀዝ ከምኡ ውን ንእሽቶይ ሓሸራ።
- ገለ ካብኣቶም ንወዲ-ሰብ የሸግሩ። ንኣብነት ቁማል፡ ቁንጪ።
- ገሊኦም ዕንጸይቲ ይቅርቅፉ። ንኣብነት ሓሸራ ዕንጸይቲ።

### ትኋንን ድዱዕን

ኣብ ዝሓለፈ ሒደት ዓመታት ትኋንን ድዱዕን ኣብ ሸወደን እንዳኣስፋሕፍሑ መጺኦም። በዚኦም ከይትጉድኡ እምበኣር ክትጥንቀቑ ኣለኩም። ኣብ ገዛኹም ትኋን ወይ ድዱዕ ምስ እትርእዩ ምስ ኣካራዪ ብቕልጡፍ ተዘራሪብኩም ነቲ ዝህቡኹም መምርሒታት ክትከታተሉ ኣለኩም።

### ትኋን

ትኋን ኣብ እዋን ምሸት ኣዝዮም ዝነጥፉ፡ ካብ ወዲ-ሰብ ደም ብምምጻይ እዮም ዝነበሩ። ንውሓቶም ካብ 5 ክሳብ 8 ሚሊ-ሜተር ኣቢሉ ይኸውን። ሕብሮም ደሚቕ ቀይሕ ኮይኑ፡ ነኣሽቱ ሕንጉጉ ይመስሉ። ጸሊም ንጥብጣብ፡ ንጥብጣብ ደም ኣብ ኣንሶላ ወይ ውን ዕንፍሩር ኣብ ሰውነት ምልክት ምህላው ትኋን እዩ። ኣብ ገዛኹም ትኋን ከይህልዉ ኢልኩም ምስ ትጠራጠሩ ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ናይ ዓራት ተይፕ ብምጥባቕ ከተረጋግጹ ትኽእሉ ኢኹም። ትኋን ምስ ዝህልዉ ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልታት ኣብቲ ተይፕ ክጠብቁ እዮም። ዘገልገለ ንብረት፡ ዓራት፡ ሶፋ ናብ ገዛ ክተምጽኡ እንከለኹም፡ ትኋን ዘለዎም ክኾኑ ስለዝኽእሉ ተጠንቐቁ ኢኹም።

ካብ ትኋን ንምግልጋል ጽሬት ይሓትት። ብትኋን ከም እተወረርኩም ቀልጡፍኩም ምስ እትርእይዎ ቀልጢፍኩም ከተወግድዎም ትኽእሉ።

*ኣብ እዋን መገሻ፡ ካብ ትኋን ክትርሕቁ ዝሕግዘኹም ምኽረታት*

- ክድዋንትኹምን ካልእ ነገራትን ኣብ ዕቑጽ ናይ ፕላስቲክ መትሓዚ ዓሽግዎ።
- ቦርሳኹም ኣብ ባኞ ግበርዎ።

• ዓራትን ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ንብረትን ተቆጻጸሩ። ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ዓራትን ታሕተዋይ ክፋል ናይ ፍርናሽን ምልክታት ናይ ትኋን ሃሰው በሉ።
• ቦርሳኹም ኣብ ልዕሊ ወይ ውን ትሕቲ ዓራት ካብ ምቕማጥ ተቆጠቡ።

*ካብ መገሻ ድሕሪ ምምላስኩም:*
ክዳውንትኹምን ኣቍሑትኩምን ካብ ኣጨርቕቲ ናይቲ ዝነበርኩሞ ቦታ ርሕቕ ኢልኩም ጠርንፉ። ኣብ ዓራት ኮይንኩም ኣይትጠርንፉ። ካብ መገሻ ድሕሪ ምምላስኩም፡ ኩሉ ሒዝኩሞ ዝገሽኩም ክዳውንቲ ሓጺብኩም ከተንቅጽዎን ኣገዳሲ እዩ።

## ድዱዕ

ድዱዕ ኣስቤዛኹም ክበልዑን ከበላሽዉን ከም ሳዕቤን ናይዚ ኸኣ ሕማቕ ጨና ከም ዝጨኑ ክገብሩን ይኽእሉ። ብዜካዚ ድዱዕ፡ ኣጨርቕቲ፡ ወረቐት ከምኡ ውን ዝለፍዐ ቆርበት ውን ከይተረፈ ይቅርቅፉ እዮም። ድዱዕ ክላብዑ ይኽእሉ ኮይኖም ስሚ ጽሬት እዮም።
ድዱዕ ንውሓቶም ካብ 12 ክሳብ 16 ሚሊ-ሜተር ክበጽሕ ይኽእል። ብብብዝሒ ኣብ መገን፡ ሻምብቆታት ሙቐት፡ ሞተሬታ ፍሪጅ ከምኡ ኣብ 25-33 ዲግሪ ሰንቲ-ግሬድ ዝበጽሕ ሙቐት ኣብ ዘለዎም ቦታታት ይርከቡ። ካብ ብርሃን ዝሃድሙ ኮይኖም፡ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ጽልምት ዝበለ ጸበብቲ ነቓዓት ይሕብኡ።

*ካብ ድዱዕ ንምንጋፍ ዝሕግዙ ምኽርታት፡*
• ገዛኹም ብግቡእ ኣጽርዩ። ብኸምዚ ከኣ እቲ ድዱዕ ከጥሪ ዝኽእል ርስሓት ኣሊኹሞ ኣለኹም ማለት እዩ።
• ኣስቤዛኹም ኣብ ዕጹው መትሓዚ ወይ ውን ኣብ ናይ ፕላስቲክ ፌስታታላት ኣቐምጡ።
• ጨና ናይ ዝጐሓፍ መግቢ ባልዕ ክስሕብ ስለዝኽእል፡ ፌስታል ጉሓፍ ንነዊሕ ኣይተጽንሑ።
• መግቢ እንስሳታት-ቤት (ድሙ፡ ከልቢ) ኣብ ዝቐረብኩሞ ንነዊሕ ከይጸንሕ ግበሩ።
• ብጠሊ ዝጠዝጠዞ ክፋላት ናይ መንበሪ-ገዛኹም ከይህልዉ ርኣዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ቦታታት ቀንዲ ዕርዲ ናይ ድዱዕ እዩ።

| |
|---|
| ኣብ ገዛ ድዱዕ ኣለዉ ኢልኩም ምስ እትጥርጥሩ፡ ነቲ እቶን ካብ ቦትኡ ስሕብ ኣቢልኩም ንደገ ኣውጺእኩም ረኣይዎ። ኣብ ገዛኹም ድዱዕ ምስ ዝህልዉ መብዛሕኡ ግዜ ድሕሪ እቶን እዮም ዝሕብኡ። |

## ግዝፍ ዝበሉ ቀርጠፍቲ እንስሳታት

ንጨራሩ ብወገን ፍኒስትራ ወይ ውን ኣብ ደገ መግቢ ኣይትሃቡ። ምኽንያቱ እቲ ተረፍ መግቢ ኣናጹ ክስሕብ ስለዝኽእል። ኣብ ገዛኹም ወይ ውን ኣብቲ እትነብሩሉ ህንጻ ኣናጹ ምስ እትርእዩ፡ ምስ ኣካራዪ ወይ ውን ምስታ ምስኣ ስምምዕ ዝኣተኹም ትክላ ጽሬት ተዘራረቡ።

*Insticksblad till Sveriges Allmännyttas broschyr* ***Skadedjur i hemmet***
*Språk: Tigrinja*

**ልሙዳት ቀርቀፍቲ እንስሳታት**

| | |
|---|---|
| Pälsänger & pälsängerlarv | ነቐዝ ምንጻፍን እብብን |
| Vågbandad pälsänger | ነቐዝ ምንጻፍ |
| Brödbagge | ነቐዝ ባኒ |
| Fläskänger | ነቐዝ መኻዚኖ |
| Husbock | ጎረዶ ገዛ |
| Mjölbagge & mjölbaggelarv | ጎረዶ |
| Klädlus | ቁማል ሰውነት |
| Loppa | ቁንጪ |
| Dammlus | ቁማል ኪዳን |
| Vägglus | ትኋን ዓራት |
| Fruktmott | ግዝዋ ፍሩታ |
| Mottlarv | ግዝዋ ሳዕሪ |
| Faraomyra | ጻጸ ፈርዖን |
| Silverfisk | ዓሳ ዝመስል ብሩራዊ ሓሰኻ |
| Kvalster | ደቂቕ ዓይነት ቁርዲት |
| Fågelkvalster | ቁርዲት |
| Klädesmal | መብራህቲ ዝፈትዋ ፍርፍር |
| Råtta | ኣንጭዋ |
| Mus | ኣንጭዋ |
| Kackerlacka | ድዱዕ |

*ኣብ ገዛኹም ካብዞም ዝተጠቕሱ ቀርቀፍቲ እንስሳታት ምስ እትርእዩ ብዝቐልጠፈ ንኣካራዪ ሓብሩ። ነዚ ንምጽራይ ኣብ ዝግበር ፍወሳ ንዝወሃበኩም መምርሒታት ብግቡእ ተኸተሉዎ።*